SULIQUA®
insulin glargin (100 E/ml) & lixisenatid

Tigrinia

ናይ ሓካሚ ሓበሬታ

# Suliqua
# ንዝተኣዘዘልኩም ሰባት

SANOFI

እዚ በራሪ ፅሑፍ እዚ ንሽኮር ሕማም ዘለዎምን ብሓኪም Suliqua (ኢንሱሊን ግላርጂን + ሊክሴናታይድ) ንዝተኣዘዘልኩም እዩ። ኩሎም ናይ ሽኮር ሕማም ሕክምናታት ዋና ዕላማ ብዝተኽኣለ መጠን ናይ ደም ሽኮር መጠን ምቁፅፃርን እቲ ሕሙም ፅቡቕ ስምዒት ክስምዖ ምግባር እዩ።

ብዛዕባ ናይ ሽኮር ሕማም ሕክምናኹም ሕቶ እንተድኣ ሃሊኩም ንነርስ ወይ ዶክተርኩም ክትሓቱ ኣለኩም።

# Suliqua እንታይ እዩ ጥቕሚ ኸ

Suliqua ንናይ ሽኮር ሕማም ዝወሃብ ክልተ ትሕቶታት ዝሓዘ ናይ መርፍእ መድሓኒት እዩ፡

- ኢንሱሊን ግላርጂን – ንነዊሕ ግዘ ዝፀንሕ ኢንሱሊን መድሓኒት ኮይኑ ናይ ደም ሽኮር መጠን ኣብ 24 ሰዓታት ናብ ንቡር ቦትኡ ዝመልስ እዩ።
- ሊክሴናታይድ – GLP-1 ተባሂሉ ብተለምዶ ዝፍለጥ እነትኸውን፣ እቲ ሰውነትና ናይ ባዕሉ ኢንሱሊን ከምርት ብምግባር ካብ ምግቢ ዝርከብ ሽኮርመጠን ቀስ ኢሉ ከርከብ ይገብር።

Suliqua ናይ ዓይነት 2 ሽኮር ሕማም መድሓኒት እዩ፣ ናይ ደም ሽኮር መጠን ኣዝዩ እንትልዕል ናይ ምቁፅፃር ስራሕ ይሰርሕ። ካልኦት መድሓነታት ናይ ደም ሽኮር መጠን ምቁፅፃር እንትኣብዮም ምስ ሜትፎርሚን ተሓዊሱ ይወሃብ።

እዞም ካልኦት መድሓኒታት ናይ ሽኮር ሕማም መድሓኒታት ብከኒና መልክዕ ዘካተቱ ክኾኑ ይኽእሉ (ከም ሜትፎርሚን፣ ሳልፎኔልዩርያ) ወይ ኢንሱሊን።

ካልእ ናይ ሽኮር መድሓኒት ኣብ ምውሳድ ትርከቡ እንተድኣ ኮይንኩም ንዶክተርኩም Suliqua ምውሳድ ምጅማርኩም ንገርዎ።



# Suliqua ከመይ ምጥቃም ይከኣል

ኩል ግዜ ናይ ዶክተር መምርሒ ምኽታል። ዶክተርኩም ካብ እቲ ትወስድዎ ዝፀናሕኩም ናይ ኢንሱሊን መድሓኒት መጠኑ ዝቐነሰ ክትወስዱ ክነግሩም ይኽእል። እንተተጠራጢርኩም ዶክተር፣ ፋርማሲስት ወይ ነርስኣማኽሩ።

ኣብ ናይ መነባብሮ ኣመራርሓኹም ብምምርኳስ፣ ዶክተርኩም ናይ ደም ሽኮር መጠንኩም ካብ እቲ ዝነበሮ ወሲኹ ወይ ቀኒሱ እንተድኣ ኮይኑ ክነግረኩም እዩ።

- ኣብ መዓልቲ ክንደይ Suliqua ትወስዱን ክንደይ ሰዓት ከ ትወስድዎ።
- ናይ ደም ሽኮር መጠንኩም ብኸመይ ትልክዕዎ ናይ ሽንቲ ምርመራኸ የድልየኩም ዶ።
- መጠን ትወስድዎ መድሓኒት ትውስኽሉን ትቕንሱሉን ግዘ።

ልዑል ናይ ደም ሽኮር እንተድኣ ሃሊኩም Suliqua ምስ ካልእ መድሓኒት ሓዊስኩም ንክትወስድዎ ዶክተርኩም ክሕብረኩም ይኽእል።



# ክንደይ ዝኸውንክትጥቀሙ ከምዘለኩም



Suliqua 100 ዩኒት/ሚሊ+ 33 ማይክሮ ግራም/ሚሊ መርፍእ፥

- እዚ መርፍእ እዚ ኣብ ሓደ ምውጋእ ካብ 30 ክሳብ 60 መጠን ክህብ ይኽእል፣ ብ1 ደረጃ።
- ሕድሕድ ናይ መጠን ደረጃ ወሲኽኩም እንተኣእቲኹም 1 ዩኒት ኢንሱሊን ግላርጂን 0.33 ማይክሮግራም ሊክሲሴናታይድ ትውስኹ።

ናይ Suliqua መጠን መድሓኒት ብደረጃ እዩዝወሃብ። ኣብ እቲ መርፍእ ክንደይ መጠን Suliqua ክት ወግኡ ከምዘለኩም ይሕብር። ካብ 60 ደረጃ መጠነ ንላዕሊ ከይትወግኡ።

# Suliqua መኣዝ ይውጋእ

Suliqua ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዘ ተጠቐሙ፣ ቅድሚ ምግቢ ቅድሚ ሓደ ሰዓት። Suliqua ቅድሚ ተመሳሳሊ ምግቢ ክውሰድ ኣለዎ፣ ዝምችወኩም ምግቢ ምስ መረጸኩም። Suliqua ኣብ ከብዲ ወይ ኣብ ደጋዊ ክፍሊ ሰለፍ ይውጋእ። ናይ መውግኢ ቦታታት እንዳፈላለኹም ውግኡ።


**ቅድሚ Suliqua ምውጋእኹም**

- ኣብ ናይ ሕሙም ወረቐት ዘለዉ መምርሒታት ኩሉግዘ ተኻተሉ።
- እቲ መመርሒ ብኣግባቡ እንተዘይተኸቲልኩም ኣብዚሕኩም ወይ ኣውሒድኩም ክትወስዱ ትኽእሉ።

ስሕተታት ንምውጋድ፡ኣብ እቲ ናይ እቲ መድሓኒት ካርቶን ወይ ድማ ኣብ ናይ እቲ መርፍእ ጎኒ ዘሎ መመርሒ ክትክተሉ ኣለኩም፣ ትኽክለኛ መርፍእ ትውግኡ ምህላውኩም እውን ኣረጋግጹ። እንተተጠራጢርኩም ንዶክተር ወይ ፋርማሲስትሕተቱ።

**ብዙሕ Suliqua ተጠቂምኩም እንተኾይንኩም**

እዚ መድሓኒት አዚ ኣብዚሕኩም እንተወሲድኩም፣ ናይ ደምሽኮር መጠን ኣዝዩ ክትሕት ይኽእል (ሃይፖግላየሴምያ)። ናይ ደም ሽኮር መጠንኩም ከይቅንስ እንዳተኻታተልኩም ብዙሕ ምግቢ ተመገቡ።



# Suliqua መዓዝ ትውግኡ

**Suliqua ምጥቃም እንተድኣረሲዕኩም**
Suliqua ምጥቃም እንተድኣ ረሲዕኩም ወይ እኹል ኢንሱሊን እንተድኣ ዘይወጊእኹም፣ ናይ ደም ሽኮረ መጠን ኣዝዩ ክልዕል ይኽእል (ሃይፐርግላይሴምያ)። ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ Suliqua ቅድሚ እቲቀፃላይ ምግቢ ምውጋእ ይከኣል እዩ።



- ዝሓለፈኩም መጠን ንምክሕሓስ ክልተ መጠነ ብሓደ ግዘ ከይትወስዱ።
- ኣብ ሓደ መዓልቲ ክልተ ግዘ ከይትውግኡ።
- ናይ ደም ሽኮር ለኪዕኹም ኣብእቲ ዝተለመደ ግዘ ቀፃላይ መጠን ውግኡ።

# Suliqua ኣበይ ክቕመጥ ኣለዎ

እዚ መድሓኒት ቆልዑ ካብ ዝረኽብዎ ቦታ ርሒቑ ክቕመጥ ኣለዎ።

ቅድሚ መዓልቱ ምፍላፉ ተጠቐምዎ፣ ኣብ ናይ እቲ መርፍእ መውግኢን ኣብ ካርቶኑን ድሕሪ “EXP” ተፃሒፉ ይርከብ። ናይ ምሕራርግዚኡ ኣብ እቲ ወርሒ ዝተበሃለሉ ናይ መወዳእታ መዓልቲ እዩ።

**ቅድሚ ናይ መጀመርያ ምጥቃምኩም**
ኣብ ፍሪጅ ክቕመጥ ኣለዎ (2°C-8°C)። ክሳብዝደርቕ ክጸንሕየብሉን ወይ ኣብእቲ መድረቒ ቦታ ክቕመጥ የብሉን።
እቲ ናይ መርፍእ መውግኢ ኣብ መቐመጢ ቦትኡ ክቕመጥ ኣለዎ።

**ድሕሪ መጀመርያ ምጥቃም/ ተረፍ መውግኢ**
እዚ ናይ መርፍእመውግኢ ን28 መኣልቲታትዝኸውንካብ ፍሪጅ ወፃኢ ክቕመጥ ይኽእል፣ ትሕቲ 25°C ክኸውን ኣለዎ፣ ድሕሪ እዚ ግዘ እዚ ክድርበ ኣለዎ።

ኣብ ፍሪጅ ክኣቱ የብሉን ወይ ዝሒሉ ክደርቕ የብሉን። ካብ ናይ ፀሓይ ቀጥታዊ ጡራን ሙቀትን እውን ክኽለል ኣለዎ። ድሕሪ ሕድሕድ ምውጋእ ናይ እታ መርፍእ መውግኢት መኽደና ተመሊሳ ክትክደን ኣለዎ።

ናይ መርፍእ መውግኢትኩም ኣብ መኪናኹም ወይ ድማ ቁሪን ሙቐትን ኣብ ዝረኽበሉ ቦታ ኣየረተቐምጡ። እቲ መርፍእ መውግኢኹም መርፍእ ተጣቢቕዎ እንከሎ ኣይተቐምጥዎ።

መድሓኒታት ብወሐዚ ማይ ክድፍኡ የብሎምን ኣብ ናይ ገዛ ጎሓፍ እውን ክድፍኡ የብሎምን። ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕሉ መድሓኒታት ኣበይ ክትደፍኡ ከመዘለኩም ንነርስ ኣማኽሩ። እዞም ከይዲታት እዚኦም እቲ ከባቢ ንምክንኻን ተባሂሎም ይካየዱ።

# ካልእ

**ጎናዊ ፅዕንቶታት ፀብፃብ**

ጎናዊ ፅዕንቶታት እንተድኣ ኣጋጢምኩም፣ ንዶክተር፣ ፋርማሲስት ወይ ነርስ ኣዘራርቡ። ኣብ እቲ ፀብፃብ ዘይተፅሓፉ ጎናዊ ፀገማት እውን የካትት።

ጎናዊ ፀገማትኩም ብምሕባር ብዛዕባ እዚ መድሓኒት ዘሎ ሓበሬታ ምስፋሕ ትኽእሉ።



# መውግኢ መርፍእ




**Suliqua SoloSTAR**® 1ዩኒት የሚይዝ አስቀድሞ-የተሞላ የኢንሱሊን ብዕር ነው። እቲ ዝበዝሐ መጠን ብመርፍእ 60 ዩኒት እዩ።

**Suliqua**® (ኢንሱሊን ግላርጂን + ሊክሴናታይድ) ℞፣ F፣ A10AE54, 100 ዩኒት/ሚሊ + 50 ማይክሮራም/ሚሊ፣ ፈሳሲ ዝውጋእ፣ ኣበ መውግኢ መርፍእድማ 100 ዩኒት/ሚሊ + 33 ማይክሮግራም/ሚሊ ፈሳሲ ዝውጋእ። **መራሒ ሓሳብ፡** Suliqua ምስ ሜትፎርሚንብምሕዋስ፣ ዓይነት 2 ሽኮር ሕማም ንዘለዎም ዓበይቲ ሰባት ግላይሴሚክ ምቁፅፃር ከምፅእ ይጠቅም፣ ብሜትፎርሚን ወይ ካልኦት ብኣፍ ዝውሰዱ ናይ ግሉኮዝ መቀፃፀርቲ መድሓኒታት ወይ ኢንሱሊን ምቁፅፃር እንተድኣ ዘይተኻኢሉ። **ማስጠንቀቂያዎች እና ጥንቃቄ፡** ንዓይነት 1 ሽኮርያ ሕማም ዘለዎም ሰባት ወይ ናይ ዲያቤቲክ ኬቶ ኣሲዶሲስ መድሃኒት ኣብ ምውሳድ ንዝርከቡ ሰባት Suliqua ኣይወሃን። የዋጋ መረጃ ለማግኘት www.fass.se ይጎብኙ። **ማሸጊያ፡** Suliqua SoloStar 3x3 ሚሊ መርፍእ መውግኢን 5x3 ሚሊ መርፍእ መውግእ። Sanofi AB, Box 30052, 104 25 Stockholm, ቴሌፎን፡ +46 8 634 50 00, www.sanofi.se. ብዛዕባ መድሓኒታትና ሕቶ እንተድኣሃሊኩም፣ ብኽበረትኩም ምስ፡ infoavd@sanofi.com ተዘራረቡ። ናይ ምህርቲ መግለፂመጠቓለሊ ናይ መጨረሻ ግምገማ መዓልቲ፡ ለካቲት፣ 2017።

▼ **እዚ መድሓኒት እዚ ክትትል የድልዮ እዩ ለበለጠ መረጃ እባክዎን www.fass.se ይጎብኙ።**

# ኣስተውዕሉ

SASE.LALI.17.10.0336 ጥቅምት 2017

# የስኳር በሽታ ምርቶቻችንን በሚመለከት ጥያቄ ካለ፡

# 020-52 68 87

ስለ ስኳር በሽታ የበለጠ መረጃ www.insulin.se ላይ ማግኘት ይችላሉ።
ስለተለያዩ ኢንሱሊኖችም www.fass.se ላይ ማንበብ ይችላሉ

እባክዎን የታካሚ መረጃ በራሪ ጽሑፉን በጥንቃቄ ያንብቡ።

Sanofi AB፣ ቴሌፎን፡ 08 - 634 50 00. www.sanofi.se
ብዛዕባ መድሓኒታትና ሕቶ እንተድኣሃሊኩም፣ ብኽበረትኩም ምስ፡ infoavd@sanofi.com ተዘራረቡ።

SANOFI